ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

جبهة الإنقاذ الوطني الإريترية

Eritrean National Salvation Front

## ጨንፈር ካሊፎርኒያ ጨንፈራዊ ጉባኤኡ ኣሰላሰሉ፦

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ጨንፈር ካሊፎርኒያ ብዕለት 7 ለካቲት 2010 ጨንፈራዊ ጉባኤኡ ብዓወት ከም ኣሰላሰሉ። ነቲ ጨንፈር ክትመርሕ ዝጸነሐት ጨንፈራዊት ሽማግለ ናይ ጨንፈር ፖለቲካውን ገንዘባውን ስርርዓውን ጸብጻብ ኣቐርባ። ጉባኤኛታት ኣብቲ ጸብጻብ ዝተሞርከሰ ዓሚቕ ምይይጥ ኣካይዶም። ድኹምን ሓያልን ጎንታት ጨንፈር መሚዮም። ካብ ክልትኡ ጎንታት ጠቓሚ ትምህርት ክቕሰም ከም ዝካኣል መዝኖም። ነታ ዝጸነሐት መሪሕነት ኣብ ዝሓለፈ መድረኽ ኣድማዕነት ጨንፈር ክብ ንምባልን፡ ተወፋይነት መሰረታት ጨንፈር ንምሕያልን፡ ብጽፈት ኣቀራርባ ጸብጻብን ሞጕሶምዋ። ኣብቲ ድኹም ጎንታታን ድኹም ጎንታት መሰረታትን ድማ ከከም ደረጃኡም ሃናጺ ነቐፌታዊ ገምጋም ኣካይዶም። እቲ ጨንፈራዊ ጉባኤ ሃናጺ ዓውደ ቃልሲ ምንባሩ ኣረጋግጸም።

ጨንፈራዊ ጉባኤ፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ነቲ ቅድመ ቀዳማይ ጉባኤኡ ዝነበረ ዕንቅፋታትን ማሕለኻታትን በንጥሱ፡ ስጡምን ኣድማዕን ውድብ ንምህናጽ ምቹእ ኣፍደገ ዝኸፈት ዕዉት ቀዳማይ ጉባኤ ብምካያዱ ንዝተሰምዮ ሓጎሱ ገልጹ። ነቶም ኩሎም ቀዳማይ ጉባኤ ውድብና ኣብ ጊዜኡ ንምካያድን ንምዕዋትን ዝጸዓቱ ጽኑዓት ኣባላት ኣመስጊኑ። ንጀጋኑ ሰራዊት ግሃድኤ ድማ ኣሞጒሱ። ገደ ጨንፈር ካሊፎርኒያ ኣብ ጨንፈር ኤዲኪ ንምዕዛዝ ብዝየ ተጕላባነት ምጽዕር ምኻኑ ኣረጋግጹ። ግደ ጨንፈር ንሕያልን ስርርዓቱ ንምስፋሕን ዞባ ኣመሪካ-ካናዳ ንምብርታዕን ዝደፍእ ውጥናት ስኢሉ። ኣብ መወዳእታ ሓዳስ ጨንፈራዊ መርሕነት ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ መሪጹ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግሃድኤ
8 ለካቲት 2010